# ቅዋም

## ማሕበር ስድራቤት ስፖርት ኤርትራ

## ብኣባላት ማሕበር

### ብ 18/10/2020 ጸዲቑ ብ 18/12/2021 ተመሓይሹ ዝቐረበ

# ት ሕ ዝ ቶ

መቕድም........................................................................................................................................2

ምዕራፍ 1 ፡ ሓፈሻዊ ድንጋጌታት ማሕበር........................................................................................................3

ምዕራፍ 2 ፡  ራኢ፡ ዕላማን ትግባረ-መደብን ማሕበር..........................................................................................4

ምዕራፍ 3 ፡  ኣባልነት፡ መሰረታዊ ግቡእን መሰልን ኣባል.........................................................................................6

ምዕራፍ 4 ፡  ኣቃውማ - ጽላል/ቦርድ ማሕበር፡ ሓላፍነቶምን ኣገባብ ኣመራርጽኦምን.............................................8

ምዕራፍ 5 ፡  ኣቃውማ - ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡ ሓላፍነቶምን ኣገባብ ኣመራርጽኦምን....................................11

ምዕራፍ 6 :  ምንጪ ኣታዊታት ማሕበርን ምንቅስቓሱን........................................................................................16

ምዕራፍ 7:  ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት ማሕበር..........................................................................................................17

ምዕራፍ 8:  ምምሕያሽ ቅዋምን ምፍራስ ማሕበርን.....................................................................22

ጥብቆ ፡  ምጽዳቕ ቅዋም ማሕበር ስድራ ቤት ስፖርት ኤርትራ - ዕለት 18/10/2020ን፤
ኣብ ዕለት 18/12/2021 ንምምሕያሹ ዝቐረበ ሓጺር ጸብጻብን..........................................................................23 / 26

# መቅድም

**ማሕበር ስድራቤት ስፖርት ኤርትራ (ማ. ስ. ስ. ኤ.)፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም እንርከብ ኣብ ኤርትራን ወጻኢ ካብ ኤርትራን፡ ኣብ ስፖርት እንነጥፍ ዝነበርናን ዘሎናን ስፖርታውያን፣ ኣካየድቲ ስራሕ ስፖርት፣ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ካልኦት ግዱሳትን ትጥርንፍን ትሓቑፍን ማሕበር ኮይና፣ ንዝሓለፍናዮ ጥዑምን ምቁርን ስፖርታዊ ህይወት ምርኩስ ብምግባር፡ ኣባላት ናይ'ዚ ማሕበር ፈለማ ኣብ ንሓድሕድና ክህሉ ንዝኽእል ናይ ቦታን ኣተሓሳስባን ፍልልይ** - ብፍቕርን ስኒትን ንምጽባብ፡ ብምቕጻል ነቲ ቀስ ብቐስ ዝቕህም ዘሎ ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምትሕግጋዝን ምክብባርን ናብ ንቡር ንምምላስ፡ ክንይኡ እውን ህጻናትን መንእሰያትን ብምጥርናፍን ብምስልጣንን ንሃገርና ብዝተፈላለዩ ዓይነት ስፖርት፡ ብፍላይ ድማ ብኩዑሶ እግሪ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ዝተመስረተት፡ ገባሪት - ሰናይ ማሕበር እያ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነቶም ናይ መጻኢ ወለዶን ብሩህ ተስፋን ዝኾኑ ህጻናትን መንእሰያትን ሃገርና፡ እግረ እግርን ኣሰር ኣብነታውያን ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ንኽስዕቡ፡ ነቲ ንሕና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክንበጽሖ ዘይከኣልና ደረጃታት ስፖርት፡ ብመንገዶም ኣቢልና ንምብጻሕን ጥጡሕ ሰረት ዘለዎ ባይታ ብምፍጣርን፡ ንሃገርና ብስፖርት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከጻውዑ ዝኽእሉ ፕሮፎሽናል ስፖርታውያን ብምፍራይ፡ ንትንሳኤ ብሩህ መጻኢ ስፖርት ሃገርና ዓቕምና ንምብርካት ብንጹህ ልብን ሕልናን ንክንሰርሕ ኩላትና ብሓባር ድልዋት ኮይና ንርከብ ኣሎና።

ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ማሕበርና ካብ ጾታ፣ ወገን፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ፍልልይ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ፣ ወዘተ. . . ናጻን ሻራ ዘይብላን ኮይና፡ ነፍሲወከፍ ኣባል ማሕበር ብዘይ ኣፈላላይ ኣመት ሓድሕዱ ብምግባር፡ ኣብ ጸገማት ሓድሕድና ምትሕግጋዝን ጥቡቕ ፍቕሪ ስድራቤት፣ ኣኽብሮትን ሓልዮትን ሰኒቕናን ኢድ ን ኢድ ተተሓሒዝናን፡ ያታዊ ክብርታትና ኣብ ስፖርት ንምዕቃብ፣ ንምስሳንን ንምውርራስን ኣድላይ ምዃኑ ብምምልካትን ብምእማንን፤ ነቲ ማሕበርና ኣብ 2015 ካብ እትምስረት ጀሚርና ክንመሓደረሉ ዝጸናሕና ሕጊ ማሕበር፡ ንፈለማ ግዜኡ ምምሕያሽ ተጌርሉን ብቅዋም መልክዕ ተዳልዩን ኣብ 18/10/2020 ብኣባላት ማሕበር ጸዲቑ ክስርሓሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ዕለት 27/06/2021 ኣብ ዝገበርናዮ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር፡ ብሕጊ ዓንቀጽ 8.32.1 ናይ ምዕራፍ 8 - ምምሕያሕሽ ቅዋም ማሕበር ብዝእዝዞ መሰረት፡ ምልኣተ ጉባኤ ማሕበር ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሓሲቡን መርሚሩን ዘትዩን ኣመሓይሹ ብምቕራብ፡ ሎሚ ዕለት 18/12/2021 ደጊሙ ኣመሓይሹ፡ ከም ላዕለዋይ መተሓዳደሪ ሕጊ ማሕበር ንክኸውንን ብእኡ ተቐይዱን ተመርኲሱን ከኸይድን ክመሓደርን ብወግዒ ኣጽዲቕዎ'ሎ።

<u>መዘኻኸሪ</u> ፡ ኣብ'ዚ ተነዲፉ ዘሎ ቅዋም ማሕበር፡ ግዜን ቦታን ንምቁጣብ ብተባዕታይ ወይ ኣንስታይ ጾታ ተጻሒፉ ዘሎ ንኽልቲኡ ጾታ (ተባዕታይን ኣንስታይን) ብማዕረ ከም ዝምልከት ክፍለጥ ይግባእ።

# ምዕራፍ 1
## ሓፈሻዊ ድንጋጌታት ማሕበር

**ዓንቐጽ 1.1 ፡ ልዕልና ቅዋም**

1.1.1 ፡ እዚ ቅዋም እዚ ሕጋዊ መግለጽን መመሓደርን ማሕበር ኮይኑ ምንጪ ኩሉ ሕግታታ እውን እዩ። ኣንጻር ፊደሉን መንፈሱን ዝለዓል ዝኾነ ይኹን ሓሳብ፣ ተግባር፣ ትእዛዝ፣ ወዘተ. . . ከኣ ውጉዝን ፍሩስን ይኸውን።

1.1.2 ፡ ኩሎም ኣባላትን ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበርን ነዚ ቅዋም"ዚ እሙናትን ምእዙዛትን ክኾኑ ይግባእን ኣብ ተግባራውነቱ እውን ብዕቱብ ክዋስኡ ሓላፍነት ኣለዎም።

**ዓንቐጽ 1.2 ፡ ትርጉም ማሕበር**

1.2.1 ፡ ማሕበር ማለት ኣብ ኤርትራን ወጻኢ ካብ ኤርትራን ዝነበሩን ዘለውን ዓቕመ-ኣዳም ዝበጽሑ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ስፖርታውያን፣ ኣካየድትን ኣፍቀርትን ስፖርትን ካልኦት ግዱሳትን ትጥርንፍ ወይ ትሓቁፍ እያ።

**ዓንቀጽ 1.3 ፡ ምስረታን ምዝገባን ማሕበር**

1.3.1 ፡ ማሕበርና፡ ብ 1 ነሓሰ 2015 ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብውሑዳት ግዱሳት ኤርትራውያን ስፖርተኛታት ተመስሪታ። ብ 1 ሕዳር 2016 ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ኣድላዪ ቅጥዕታት ኣማሊኣ፡ ብሕጊ መኸሰብ ንምትራፍ ኢለን ዘይነጥፋ ትካላት፡ ዓንቀጽ 82 ናይ ኔቫዳ ብዝፈቕዶ መሰረት፡ ብቁጽሪ ሰነድ፡ 20160011854-08፡ ፍሉይ መለለዪ ቁጽሪ፡ E0018752016-1፡ ከም ገባሪት ሰናይ ማሕበር ኮይና ብወግዒ ተመዝጊባ።

**ዓንቀጽ 1.4 ፡ ኣርማ ማሕበር**

1.4.1 : ኣርማ ማሕበር ኣብ ገበር ናይዚ ንድፊ ቅዋም ዘሎ ኮይኑ፡ ልዕሊ 50% ኣባላት ማሕበር ተሰማሚዖም ዘጽደቕዎን ኣብ ኩሉ ናይ ማሕበር ሰነዳት ከም መለለይኣ ዘገልግልን ምልክት ወይ ትእምርቲ እዩ።

**ዓንቀጽ 1.5 ፡ ስም ማሕበር**

1.5.1 ፡ ስም ማሕበር 'ማሕበር ስድራቤት ስፖርት ኤርትራ ( ማ. ስ. ስ. ኤ. )' ዝብል ኮይኑ፡ ልዕሊ 50% ኣባላት ማሕበር ተሰማሚዖም ዘጽደቕዎ እዩ።

**ዓንቀጽ 1.6 ፡ ማዕርነት ኣብ ማሕበር**

1.6.1 ፡ ማሕበር ካብ ጾታ፣ ወገን፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ፍልልይ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ፣ ወዘተ. . . ናጻን ሻራ ዘይብላን ኮይና፡ ንብምልኦም ኣባላት ማሕበር ብማዕርነትን ሓድነትን ትጥርንፍን ትመርሕን።

**ዓንቀጽ 1.7 ፡ ባጀታዊ/ፊስካላዊ ዓመት ማሕበር**

1.7.1 ፡ ናይ ማሕበር ናይ ባጀት ወይ ፊስካላዊ ዓመት ካብ 1 ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ ዘሎ ጊዜ ይኸውን።

# ምዕራፍ 2

## ራኢ፡ ዕላማን ትግባረ-መደብን ማሕበር

**ዓንቀጽ 2.8 ፡ ራኢ ማሕበር**

2.8.1 ፡ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ማሕበር ብምጥርናፍ ኣብ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ሞራላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ድሕነት ዘተኮረ ሓድሕድካ ብምትሕግጋዝ ውሑስ ባይታ መጻኢ ኣባላት ምፍጣር።

2.8.2 ፡ ብውልቅን ብእኩብን ህጻናትን መንእሰያትን ብምምልማልን ብምስልጣንን ንሃገር ከጸውዑ ዝኽእሉ ፕሮፈሽናል ስፖርታውያን ምፍራይ።

**ዓንቀጽ 2.9 ፡ ዕላማ ማሕበር**

2.9.1 ፡ ኣብ ኤርትራን ወጻኢ ካብ ኤርትራን ኣብ ስፖርት ዝነጥፉ ዝነበሩን ዘለውን ስፖርታውያን፡ ኣካየድቲ ስራሕ ስፖርት፡ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ካልኦት ግዱሳትን ኣባላት ማሕበር ከም ዝኾኑ ብምግባር ምጥርናፍ።

2.9.2 ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ክህሉ ንዝኽእል ናይ ቦታን ኣተሓሳስባን ፍልልይ - ብፍቕርን ስኒትን ሓልዮትን ብምጽባብ፣ ሓድሕድና ብምትሕቝቛፍን ብምድግጋፍን ያታዊ ክብርታትናን ቅርስታትናን ኣብ ስፖርት ምስሳንን ምዕቃብን ምውርራስን።

2.9.3 ፡ ንኣባላት ማሕበር ኣብ እዋን ሓጎሶም፣ ሓዘኖምን ከበድቲ ጸገማት ምስ ዘጋጥሞምን ሕጊ ማሕበር ብዝፈቕዶ መሰረት ፋይናንሲያዊ፣ ንዋታውን ካልእ ሓገዛትን ምብርካት።

2.9.4 ፡ ብውልቅን ብእኩብን ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ስፖርት ብምምልማልን ብምስልጣንን ኣብ ክብ ዝበለ ደረጃ ከም ዝበጽሑ ብምግባር ንሃገር ምጽዋዕ።

2.9.5 ፡ ንማሕበር ብገንዘብን ንዋትን ካልእ ትሕዝቶን ከም እትድልድል ብምግባር ነባሪ እትዋት ከምጽኡ ዝኽእሉ ፕሮጀክታት ምድኳንን ምክያድን።

**ዓንቀጽ 2.10 ፡ ትግባረ - መደብ ማሕበር**

2.10.1 ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ጊዜ ሓጎሱን ሓዘኑን ብመሰረት ሕጊ ማሕበር ግቡእ ሓገዝ ምግባር።

2.10.2 ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ወጻኢን ከከም ኣድላይነቱ፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ህጻናት፣ መንእሰያትን ገዳይም ስፖርታውያንን ውድድር ስፖርት ብምስራዕን ብምምዋልን ንዕውታት ብግልን ብጋንታን ሽልማት ብምሃብ ምትብባዕ።

2.10.3 ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻእን ንዝርከቡ ስድራቤት ስፖርት፡ ዘመናዊ ናይ ስፖርት ስልጠናን ትምህርትን ኣብ ምሃብ ምንጣፍ።

2.10.4 : ምስ ማሕበርና ዝሳነ ራኢን ዕላማን ምስ ዘለወን ማሕበራትን ትካላትን ብምሽራኽን ብምልፋንን ስራሓት ማሕበር ዕውት ምግባር።

2.10.5 ፡ ብመንገዲ ኣገልግሎት መርበብ ሓበሬታ ማሕበርን ካልእ ማሕበራዊ መራኸብታትን ሓበሬታ ብምዝርጋሕ፡ ንማሕበር ብምልላይ ተፈላጥነት ከምትረክብ ምግባርን ኣባላት ምምልማልን ኣታዊታታ ምስሳንን።

2.10.6 ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ብምክያድ፡ ስርሓት ማሕበር ብመሰረት ራኢን ዕላማን ማሕበር ምትግባሮም ገምጋም ብምግባር፡ ናይ መጻኢ ናይ ቀረባን ርሑቕን ውጥንን መደብን ማሕበር ምሕንጻጽ።

# ምዕራፍ 3

## ኣባልነት፡ መሰረታዊ ግቡእን መሰልን ኣባል

**ዓንቀጽ 3.11 ፡ ኣባልነት**

3.11.1 ፡ ኣባል ማሕበር ዝበሃል ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ዝነብር ዕድሚኡ ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ኣብ ኤርትራን ወጻኢ ካብ ኤርትራን፡ ስፖርታዊ ዝነበረን ዘሎን፡ ኣካያድን ደጋፍን ስፖርት፡ ብወለንትኡ ኣብዚ ማሕበር ክሕቆፍ ዝፈቐደ፡ ግቡእ ክፍሊቱ ዘማልእን ናይ ማሕበር ሕግታትን መምርሒታትን ዘኽብርን ኮይኑ፡ ንኻልኦት ግዱሳት እውን ማዕጾ ማሕበር ርሑውን ርሑብን እዩ።

3.11.2 ፡ ነፍሲወከፍ ሓድሽ ኣባል ከምኡ እውን ኣባልነቱ ደጊሙ ዘሐድስ ኣባል-ነበር፡ ብዝቐለለ መንገዲ ናብ ማሕበር ከም ዝጽምበር ድሕሪ ምግባር፡ ነቲ ናይ ኣባልነት ቅጥዒ ብዝምልከት ከኣ ምስ ዋና ጸሓፊ ማሕበር ብምርድዳእ ይውድእ።

**ዓንቀጽ 3.12 ፡ መሰረታዊ ግቡእ ኣባል**

3.12.1 ፡ ንቅዋም ማሕበር፣ ሕግታታን ስርዓታን ምእዛዝ ምዃን።

3.12.2 ፡ ማሕበር ኣብ እትጽውዖም ኣኼባታት ክሳተፍ ኣለዎ። ምስ ዘይጥዕሞ ከኣ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ክሕብር ይግባእ።

3.12.3 ፡ ኣባል ዓመታዊ ውጽኢት ዓመት መጸ ኣብ ወርሒታት ጥሪን ለካቲትን ከፊሉ ክውድእ ይግባእ። ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ምኽፋል ምስ ዘጸገም ከኣ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ይሕብር። እንተዘይኮይኑ ግን ምሉእ ዓመታዊ ውጺኢት ማሕበር፡ 10% መቕጻዕቲ ተወሲኽዎ ኣብታ ዓመት ክኸፍል ይግደድ። ዓመታዊ ውጺኢቱ ኣብ ጊዜኡ ከየማልአ ዝጸንሐ ኣባል፡ ነቲ ብማሕበር ንኣባላት ዝግበር መሰላት ተኻፋሊ ኣይከውንን።

3.12.4 ፡ ኣባል ዓመታዊ ክፍሊቱ፡ ኣከታቲሉ ንሰለስተ(3) ዓመታት እንተዘይከፊለ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ምስ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ብሙኺን ኣመቱ ይገብሩ። ብቑዕ ምኽንያት ምስ ዝህልዎ ድማ ናብ ማሕበር ይመልስዎ። ብቑዕ ምኽንያት ምስ ዘይህልዎ ግን ካብ ማሕበር ብወግዒ ይሰናበት።

3.12.5 ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ማሕበር ዝተሰናበተ ኣባል፡ ኩሉ እቲ ኣቐዲሙ ዝኸፈሎ ክፍሊት ማሕበር ኣይምለሰሉን።

3.12.6 ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ማሕበር ዝተሰናበተ ኣባል-ነበር፡ ደጊሙ ኣባል ክኸውን ምስ ዝሓትትን ዝፍቀደሉን፡ ናይታ ዝኣተወላን ቅድሚኣ ዘላ ዓመትን፡ ብድምሩ ናይ ክልተ ዓመታት፡ ዓመታዊ ውጺኢት ከፊሉ ናብ ማሕበር ደጊሙ ይጽንበር።

3.12.7 ፡ ዝኾነ ይኹን ኣባል፡ ምስ ራኢን ዕላማን ማሕበር ዘይሳነዩን ዝጻረሩን ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋት፣ ዘለፋታት፣ ደረቕን ተንቀሳቐስቲ ምስልታትን፡ ወዘተ. . . ኣብ መርበባት መራኸቢታት ማሕበር ክዝርግሕ ኣይፍቀደሉን።

3.12.8 ፡ ኣባል ጉድለት ብምፍጻሙ ካብ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ንዝተዋሃቦ ውሳኔ እንተ ዘይዓጊብሉ፡ ጥርዓኑ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ክቐርብ መሰል ኣለዎ። ነቲ ብጽላል/ቦርድ ማሕበር ዝወሃቦ ቀያድን ናይ መወዳእታ ውሳኔን ከኣ ክቕበሎ ይግደድ። 3.12.9 ፡ ግቡኡ ዘይገበረ ኣባል መሰሉ ኣይሕለወሉን።

**ዓንቀጽ 3.13 ፡ መሰረታዊ መሰል ኣባል**

3.13.1 ፡ ነፍሲወከፍ ኣባል ሕጊ ማሕበር ተኸቲሉ ብናጻ ሓሳቡ ናይ ምግላጽን ሓበሬታ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ።

3.13.2 ፡ ነፍሲወከፍ ኣባል ኣብቲ ማሕበር እትሰርዖ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ክሳተፍ፣ ክመርጽን ክምረጽን መሰል ኣለዎ።

3.13.3 ፡ ማሕበር ንእትህቦም ማሕበራዊ፣ ሞራላዊን ስነ-ልቦናውን ምኽርታትን ምዕዶታትን ካልእ ተመሳሰልቲ ኣገልግሎትን ምስ ካልኦት ኣባላት ማሕበር ማዕረ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

3.13.4 ፡ ማሕበር ንእትህቦም ገንዘባውን ንዋታውን ካልእ ሓገዛትን ምስ ካልኦት ኣባላት ማሕበር ብማዕረ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

3.13.5 ፡ ኣባል ተበዲለ ምስ ዝብል፡ ጥርዓኑ ብጽሑፍ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ከቕርብ መሰል ኣለዎ። ኣካየድቲ ማሕበር መልሲ ንጥርዓኑ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ብጽሑፍ ክህብዎ ይግባእ።

3.13.6 ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ነቲ ብኣባል ማሕበር ዝቐረበ ጥርዓን፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ጊዜ መልሲ ምስ ዘይህብዎ፡ ጥርዓኑ ብቐጥታ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብ መሰል ኣለዎ።

3.13.7 ፡ ኣባል ነቲ ብኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ዝተዋህቦ ውሳኔ ምስ ዘይዓግበሉ፡ ጥርዓኑ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ከቕርብ መሰሉ ሕሉው ኮይኑ፡ እቲ ብጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ዝዋሃቦ ዉሳኔ ከኣ ናይ መወዳእታ፣ ቀያድን ይግብኣኒ እዩ ዘይበሃሎን ይኸውን።

# ምዕራፍ 4

## ኣቃውማ - ጽላል/ቦርድ ማሕበር፡ ሓላፍነቶምን

## ኣገባብ ኣመራርጽኦምን

**ዓንቀጽ 4.14 ፡ ኣቃውማ - ጽላል/ቦርድ ማሕበር**

4.14.1 ፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ቁጽሮም ሰለስተ(3) ኮይኑ፡ ላዕለዋይ ሓላፊ(1)፣ ምኽትል ላዕለዋይ ሓላፊን(1) ጸሓፊን(1) እዮም። ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ከኣ እዚ ዝስዕብ ስርሓት ይዓሙ ፡

- ብተመኩሮኦም ኣብ ስፖርት ኣብነታውያን ኣርካናትናን ቅርስታትናን ኮይኖም፡ ከም ስሞም ከም ላዕለዎት ሓለፍቲ - ንማሕበር የጽልሉ፣ የማኽሩ፣ ይኣልዩን ይመርሑን።

- ከም ዝለዓለ ፍርዳዊ ኣካል ማሕበር ኮይኖም የገልግሉን ጥርዓናት ይሰምዑን። እቲ ዝህብዎ ውሳኔ ከኣ ናይ መወዳእታ፣ ቀያድን ይግበእኒ እዩ ዘይበሃሎን ይኸውን።

- ብኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ይኹን ብኣባላት ንዝፍጸሙ ጉድለታት ብመሰረት መቕጽዒ ሕጊ ማሕበር፡ ካብ ተራ ምኽሪ ክሳብ ምእጋድን ምስራዝ ኣባልነትን ካብ ማሕበር ስጉምቲ ክወስዱ ስልጣን ኣለዎም።

- ጽላል/ቦርድ ማሕበር፡ ከበድቲ ጉድለታት - ከም ምጥፍፋእ ገንዘብ ምስ ዝፍጸሙን እቲ ዝተፈጸመ ጉድለት ኣብ ውሽጢ ማሕበር ንምፍትሑ ምስ ዘይከኣልን፡ ማሕበር ኣብ ዝተመስረተትሉ ወይ ጉድለት ዝፈጸመ ኣባል ወይ ኣካል ኣብ ዝቕመጠሉ ሃገር ዘሎ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት፡ ነቲ ጉድለት ዝፈጸመ ኣባል ወይ ኣካል ኣብ ቅድሚ ሕጊ የቕርቡን ንማሕበር ወኪሎም ዘድሊ ኩሉ የፈጽሙን። ኣብቲ ፍርዲ ዝፍጸመሉ ሃገር ንዝነብር ኣባል ወይ ካልእ ሕጋዊ ኣካል ክውክሉ እውን ስልጣን ኣለዎም።

- ማሕበር ኣብ እተዳልዎም ኣኼባታት፣ ፍሉይ ኣጋጣሚታት፣ ናይ ምዝንጋዕ መደባት፣ ወዘተ . . . ናይ ክብሪ ዕዱማት ኮይኖም ይሳተፉ። ማሕበር ኣብ እትዕደሞም ዕድመታት እውን ኣድላይ ምስ ዝኸውን ምስ ኣቦ መንበር ማሕበር ሓቢሮም ክሳተፉ ይኽእሉ። ዓንቀጽ 4.15 ፡ ሓላፍነት ጽላል/ቦርድ ማሕበር

#### 4.15.1 ፡ ላዕለዋይ ሓላፊ

- ዝለዓለ ሓላፊ ማሕበር ኮይኑ ንኣባላት ጽላል/ቦርድ ማሕበር ይምእክልን ይኣልን ይመርሕን።
- ዝለዓለ ሓላፊ ፍርዳዊ ኣካል ማሕበር ኮይኑ ፍትሓዊ ፍርዲ ኣብ ምሃብ ንኽልቲኦም መሳርሕቱ ብምምእካል ይሰርሕ።
- ኩሉ ብመንገዲ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ዝውደብን ዝግበርን ኣኼባታት ይመርሕ።
- ማሕበር ኣብ እተዳልዎም ዕድመታት ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ ይሳተፍ። ማሕበር ኣብ እትዕደሞም ዕድመታት እውን ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ምስ ኣቦ መንበር ማሕበር ሓቢሩ ክሳተፍ ይኽእል።
- ላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ተጸዋዕነቱ ንኣባላት ማሕበር ይኸውን።

#### 4.15.2 ፡ ምክትል ላዕለዋይ ሓላፊ

- ኣብ ኩሉ ስራሓት ናይ ላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከም ተሓጋጋዚኡ ኮይኑ ይሰርሕ።
- ኣብ ፍርዳዊ ኣገልግሎታት ማሕበር፡ ብደረጃ 2ይ ሓላፊ ኮይኑ ምስ ክልቲኦም መሳርሕቱ ፍትሓዊ ፍርዲ ኣብ ምሃብ ይሰርሕ።
- ላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ዘይህልወሉ እዋናት ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ።
- ተጸዋዕነቱ ንላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ይኸውን።

#### 4.15.3 ፡ ጸሓፊ

- ኩሉ ምምሕዳራዊ ስራሓት ጽላል/ቦርድ ማሕበር ይሰርሕ።
- ምስ ላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ብምዃን ዛዕባ ናይ ዘካይድዎ ኣኼባታት ይሰርዕ።
- ኣብቲ ብጽላል/ቦርድ ማሕበር ዝግበር ኣኼባታት ደቓይቕ ይሕዝ፡ ጸብጻብ የቕርብን ይሰንድን።
- ኣብ ፍርዳዊ ኣገልግሎታት ማሕበር፡ ብደረጃ 3ይ ሓላፊ ኮይኑ ምስ ክልቲኦም መሳርሕቱ ፍትሓዊ ፍርዲ ኣብ ምሃብ ይሰርሕ።
- ተጸዋዕነቱ ንላዕለዋይ ሓላፊ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ይኸውን።

**ዓንቀጽ 4.16 ፡ ኣገባብ ኣመራርጻ ጽላል/ቦርድ ማሕበር**

4.16.1 ፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር ልዕሊ ፍርቂ (50%) ኣባላት ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብዝሒ ድምጺ ኣባላት ማሕበር ብምርካብ ይምረጹ።

4.16.2 ፡ ንምምራጽ ጽላል/ቦርድ ማሕበር፡ ሰለስተ(3) መናእሰይ ካብ ኣባላት ማሕበር ከም ናይ ምርጫ ቦርድ ኮይኖም ይምረጹ። እቲ ዝበዝሕ ድምጺ ዝረኸበ መንእሰይ ከኣ ነቲ ቦርድ ምርጫ ይመርሖ። ዕድመ ናይዚ ቦርድ ምርጫ ክሳብ እቶም ጽላል/ቦርድ ማሕበር ዝምረጹ ይኸውን።

4.16.3 ፡ ሰለስተ(3) ጽላላት ንምምራጽ፡ ኩሎም ልዕሊ 55 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣባላት ማሕበር ከም ሕጹያት ንጽላል/ቦርድ ማሕበር ኮይኖም ይቐርቡ። ነፍሲ ወከፍ መራጺይ ሓሙሽተ(5) ሕጹያት ብቕደም ተኸተል ጺሒፉ ምስ ምሉእ ስሙ ኣሰንዩ ይመርጽ። ሕጹያት ድማ ንነፍሶም ክመርጹ ኣይፍቀድን።

4.16.4 ፡ ብመሰረት ዝረኸብዎ ብዝሒ ድምጺ እቶም ቀዳሞት ሰለስተ(3) ዕውታት ከም ላዕለዋይ ሓላፊ፣ ምክትል ላዕለዋይ ሓላፊን ጸሓፊን ናይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኮይኖም የገልግሉ። እቶም ክልተ(2)፡ 4ይን 5ይን ምሩጻት ከኣ ተጠባበቕቲ ይኾኑ። እዞም ክልተ(2) ተጠባበቕቲ ኣብቲ ድሒሩ ዝግበር ምርጫ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ክወዳደሩ መሰል ኣለዎም።

4.16.5 ፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ምስ ተመርጹ፡ ከም ቦርድ ምርጫ ማሕበር ኮይኖም ኣብ ምምራጽ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር የገልግሉ። ነዚ ከተግብሩ ከኣ እኹል ግዜ ክወሃቦም ይግባእ። ዕድመ ጽላል/ቦርድ ማሕበር - ከም ቦርድ ምርጫ ማሕበር፡ ክሳብ ምምራጽ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ጀሚሩ ዘብቅዕ ይኸውን።

4.16.6 ፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ናይ ስራሕ ዘመኖም ንሰለስተ(3) ዓመታት ኮይኑ ኣብቲ ዝስዕብ ምርጫታት ከኣ ብዘይ ገደብ ክምረጹ ይኽእሉ።

# ምዕራፍ 5

## ኣቃውማ - ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡ ሓላፍነቶምን

## ኣገባብ ኣመራርጽኦምን

**ዓንቀጽ 5.17 ፡ ኣቃውማ - ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር**

5.17.1 ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብዘይ ክፍሊት ዘገልግሉ ኣባላት ማሕበር እዮም። ንሳቶም ከኣ፡ ኣቦ መንበር(1)፡ ዋና ጸሓፊ(1)፡ ሓላፊ ፋይናንስ(1)፡ ህዝባዊ ርክባትን(1)፡ ተቖጻጻርን/ኦዲተርን(1) ኮይኖም ብጥምረት እዚ ዝስዕብ ዕማማት ይዓሙ፡

- ሕጊ ማሕበር ብምሙርኳስ፡ ስትራተጅካዊ መደባት ማሕበር የዳልዉን ኣብ ምትግባርም ብኣገባብ ይሰርሑን።
- ካብ ኣባላት ማሕበር ከምኡ'ውን ካብ ዝኾነ ካልእ ኣካል ወይ ትካል ንዝግበሩ ምጽሕሓፋት ኣድላይ መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያድ መልሲ ወይ ውሳነ ይህቡ።
- ብመንገዲ ኣቦ መንበር ማሕበር ንዝወሃቦም ተወሰኺ ስራሕ ተቐቢሎም ደረት ሓላፍነቶም ብምሕላው ተሓጋጊዞምን ተደጋጊፎምን ይሰርሑ።
- ከከም ኣድላይነቱ ተወሰኽቲ ስራሕን ዕማምን ማሕበር ንምጽናዕን ንምክያድን፡ ብመንገዲ ኣቦ መንበር ማሕበር ተማእኪሎም፡ ካብ ውሽጦም ወይ ካብ ኣባላት ማሕበር፡ ንኡሳን ኮሚቴታት ከጣይሱን ከስርሑን ስልጣን ኣለዎም።
- ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ምስ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ብምኧን፡ ማሕበር ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ሃይማኖት፣ ፖለቲካ፣ ዓሌት፣ ጾታን ካልእ ተጽዕኖን ናጻ ኮይና ክትነጥፍ ናይ ምሕላው ሓላፍነት ኣለዎም።
- ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ፡ ስልጣኖም ተጠቒሞም ናይ ማሕበር ገንዘብ ወይ ንብረት  ክልዕሉን ክጥቀምሉን ኣይፍቀደሎምን። ጉድለት ምስ ዝገብሩ ከኣ ብመሰረት ሕጊ ማሕበር ግቡእ ስጉምቲ ይውሰደሎም።
- ሓደ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ናይ ስራሕ ወይ ናይ ገንዘብ ወይ ካልእ ተገራጫዊ ረብሓታት ምስ ዝህልዎ፡ ባዕሉ ብግዝያውነት ካብቲ ዛዕባ ንኽብሱ የግልል።
- ዝኾነ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር፡ ብዘይ ፍቓድን ኣፍልጦን ኣቦ መንበር ብተኸታታሊ ካብ ኣኼባታት ምስ ዝበኩር፡ ማዕዳን ናይ ቃልን ጽሑፍን መጠንቀቕታ ይወሃቦ። ክሳብ ሰለስተ ጊዜ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ምስ ዘይእረም ግን ካብ መሪሕነት ይእለ።
- ዝኾነ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ኣብ ዝኾነ ግህሰት ወይ ብልሽውና ምስ ዝርከብን ሕግታትን መምርሒታን ማሕበር ምስ ዝጥሕስን ዘየኽብርን ካብ መሪሕነት ይወርድ። ብመሰረት ሕጊ ማሕበር ከኣ ግቡእ ስጉምቲ ይውሰደሉ።
- ንማሕበር ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእሉ ነገራት ምስ ዝለዓሉ፡ ምስ ጽላል ቦርድ ማሕበር ብምኧን ንኩሎም ኣባላት ማሕበር  ዘሳትፍ ህጹጽ እኼባ ብምጽዋዕ መፍትሒ የናድዩ።

## ዓንቀጽ 5.18 ፥ ሓላፍነት ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር

### 5.18.1 ፥ ኣቦ መንበር

- ላዕለዋይ ሓላፊ ማሕበር ብምዃን፡ ስትራተጅያዊ መደባት ማሕበር ምስ መሳርሕቱ የዳሉን ኣብ ምትግባሮም ብኣገባብን ብሓላፍነትን ይቆጻጸር፣ የስርሕን ይሰርሕን።
- ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላትን ኣኼባ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበርን ብሓላፍነት ይመርሕን የካይድን።
- ምስ ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበር ብምዃን ሕጊ ማሕበር ብዝፈቐዶ መሰረት ገንዘብ ማሕበር የንቀሳቕስ።
- ኣቦ መንበር ማሕበር፡ ዝኾነ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን፡ ወኪል ናይቲ ኣካያዲ ስራሕ ዝኸውን ካብቶም ካልኦት ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ይመዝዝን ብጽሑፍ የፍልጥን።
- ኣቦ መንበር ማሕበር፡ ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ካብ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ይኹን ካልኦት ኣባላት ማሕበር ንኡሳን ኮሚቴታት ክመዝዝን ከጣይስን ስልጣን ኣለዎ።
- ማሕበር ኣብ እትዕደመሉ እዋን፡ ኣብ ናይ ስራሕን ካልእ ኣጋጣሚታትን ንማሕበር ብምውካል ይሳተፍ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ እውን ወኪሉ ክልእኽ ይኽእል።
- ኣቦ መንበር ማሕበር፡ ባዕሉ ወይ ካልኦት ኣባላት ማሕበር፡ ንማሕበር ወኪሎም ዝገብርዎ ምንቅስቓስ፡ ምስ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብምልዛብን ምርድዳእን ይውሰን። ነዚ ብዝምልከት ዝግበር ወጻኢታት ከኣ ብማሕበር ይሸፈን።
- ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን ከም ኣፈኛ ማሕበር ኮይኑ ንማሕበር ወኪሉ ይሰርሕ።
- ኣቦ መንበር ማሕበር ተጸዋዕነቱ ንጽላል/ቦርድ ማሕበር ይኸውን።

### 5.18.2 ፥ ዋና ጸሓፊ

- ዝርዝር መዝገብ ኣባላት ማሕበር የዳሉን የሐድስን ይዕቅብ፡ ተፈላለዩ ነዳት ማሕበር እውን ይስንድን ይዕቅብ።
- ምስ ኣቦ መንበር ማሕበር ብምዃ

#### 5.18.3 ፡ ሓላፊ ፋይናንስ

- ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበር ንፋይናንሳዊ ጉዳያት ማሕበር ብዝምልከት ብሓላፍነት ይሰርሕ።

- ኣታውን ወጻእን ማሕበር ብግቡእ ይሕዝን ይስንድን። ኣብ ሰሰለስተ ኣዋርሕ ሓንሳብ ከኣ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብሰነድ ዝተደገፈ ሓጺር ጸብጻብ ሕሳብ ማሕበር የቕርብ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን ብመሰረት ጠለብ ኣባላት ማሕበር፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበርን ጽላል/ቦርድ ማሕበርን ፋይናንሲያዊ ጸብጻብ ብሰነድ ኣሰንዩ የቕርብ።

- ኣብ ኩሉ ናይ ማሕበር ናይ ገንዘብ ምንቅስቓሳት፡ ሕጊ ማሕበር ብዝፈቕዶ መሰረት ምስ ኣቦ መንበር ማሕበር ብምኽን የንቀሳቕስ።

- ምስ ዋና ጸሓፍን ህዝባዊ ርክባትን ማሕበር ብምኽን ማሕበር ተወሰኽቲ ኣታውታት እትረኽበሉ መደባት የጽንዕን ይሰርዕን የካይድን። ንገንዘብ ብዝምልከት ከኣ ብሓላፍነት ይሰርሕ።

- ኣብ እዋኑ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ናይ ዘይከፈሉ ዝርዝር ሓበሬታ ናብ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ድሕሪ ምቕራብ ዝእከበሉ መንገዲ ይፈጥር።

- ብማሕበር ዝጸደቐ ወይ ዝተፈቕደ ገንዘብ ግቡእ መረኻኸቢ ሰነድ ኣዳልዩ፡ ነቲ ዝግብእ ኣካል ኣፈሪሙ  የረክብን ብግቡእ ይስንድን።

- ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበር፡ ዝተኣከበ ገንዘብ ማሕበር ኣብ ሕሳብ ማሕበር ኣብ ግዚኡ ኣታዊ ምኻኑ የረጋግጽ። ጥረ ገንዘብ ኣብ ኢዱ ይኹን ኣብ ኢድ ካልኦት ዝተወከሉ ኣባላት ማሕበር ክተሓዝ ኣይፍቀድን። ካብ ሕጊ ማሕበር ወጻኢ ገንዘብ ምስ ዘንቀሳቕስ ድማ ብሓላፍነት ይሕተት።

- ንማሕበር ዝምልከት ዓበይቲ ፋይናንስያዊ ንጥፈታት ዝዋፈሩሎም ከም ምቛም ዓበይቲ ፕሮጀክታትን ምጽዳቕ ባጀትን ምኽፋል ግብርን ወዘተ የማኽርን የተግብርን።

- ምቁጽጻር ሕሳብ ማሕበር ኣብ ዝግበረሉ እዋን ንተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር ኩሉ ናይ ሕሳብ ሰነዳት ከረክብ ይግባእ። ጉድለት ምስ ዝርከቦ ከኣ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

- ኣብ ኣተሓሕዛ መዝገብ ሕሳብ ከምኡውን ምቕራብ ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ብሓላፍነት ይሰርሕ። ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ፡ ኣብ ግዜ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ማሕበር የቕርብ።

- ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበር ተጸዋዕነቱ ንኣቦ መንበር ማሕበር ይኸውን።

#### 5.18.4 ፡ ህዝባዊ ርክባት

- ሓላፊ ኅስኳስን ሓበሬታን ማሕበር ኮይኑ ብሓላፍነት ይሰርሕ።

- ናይ ማሕበር መርበብ መራኺቢታት የዳሉ፡ የማዕብልን ይቆጻጸርን።

- ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዘለዎም ጽሑፋትን ካልእ ስርሓትን ኣዳልዩ ኣብ መርበብ መራኸቢ ማሕበርን ካልኦት መርበባትን ብምዝርጋሕ፡ ንማሕበርን ስርሓታን ምስ ህዝቢ የላልን ኣታዊታት ማሕበር የዕብን።

- ምስ ዋና ጸሓፍን ሓላፊ ፋይናንስን ኮይኑ ኣታዊታት ማሕበር ንምስሳን ዝተፈላለዩ መደባት የጽንዕ የዳሉን የተግብርን። ንዜናዊ ስርሓት ብዝምልከት ከኣ ብሓላፍነት ይሰርሕ።

- ኣብ ኤርትራ ምስ ዘለዉ ኣካየድቲ ኮሚቴን ካልኦት ዝምልከቶምን ብምርኻብ ንብምልኡ ዝግበር ንጥፈታት ስፖርትን ሓገዛትን ብምምእካል ይከታተልን የተግብርን። ዜናታት ኣዳልዩ ይዝርግሕን ጸብጻብ የቕርብን ይስንድን።

- ናይ ማሕበር ዜናዊ ስርሓት ብዝተፈላለዩ መንገድታት የዳሉን ይዝርግሕን ይስንድን። ንማሕበርን ወኪሉ ምስ ካልኦት ናይ ዜና ማዕከናት እውን ይራኸብን መግለጽታት ይህብን።

- ውሽጣዊ ሕግታት ኣጠቓቕማ ናይ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር የዳሉን ይዝርግሕን ንኣባላት የስተምህርን።

- ካብ ኣባላት ማሕበር ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ኪኢላታት ዜናን መራኸብታትን ኣለልዩ ናብ ኣቦ መንበር የቕርብ።

- ህዝባዊ ርክባት ማሕበር ተጸዋዕነቱ ንኣቦ መንበር ማሕበር ይኸውን።

### 5.18.5 ፡ ተቖጻጻሪ / ኦዲተር

- ተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር፡ ስራሕ ማሕበር ብመሰረት ሕጊ ማሕበር ብግቡእ ምትግባሮም መዛግብቲ፣ ጸብጻባት፣ ሰነዳት፣ ወዘተ ብምምርማርን ብምፍታሽን የጻርን የረጋግጽን።

- እቲ ብቦርድ ምርጫ ማሕበር ዝግበር መስርሕ ምርጫ ንኣካይድቲ ማሕበርን ጽላል ቦርድ ማሕበርን ርእሱ ዝኸኣለ ስለዝኾነ፡ ተቖጻጻሪ / ኦዲተር ማሕበር ክቆጻጸሮ ስልጣን የብሉን።

- ቀወምትን ተንቀሳቐትን ንብረት ማሕበር ምስ ሰነዳቶም ብምንጽጻር ህላዌኦም የረጋግጽ።

- ናይ ዝገበሮ ቁጽጽር/ኦዲት ውጺኢት ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ብምድላው ምስቲ ቁጽጽር/ኦዲት ዝተገብረሉ ኣካል ይዘራረብን ንኣቦ መንበር ማሕበር ውጺኢት ጸብጻቡ የቕርብን።

- ቁጽጽር/ኦዲት ዝተገብረሉ ኣካል ጉድለት ምስ ዝርከቦ፡ ሕጊ ተኸቲልካ ስጉምቲ ንኽውሰድ ንኣቦ መንበር ማሕበር የማኽር።

- ተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ጉድለት ምስ ዝፍጽም ጸብጻቡ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር የቕርብን የማኽርን።

- ተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ጉድለት ምስ ዝፍጽሙ ጸብጻቡ ናብ ኣባላት ማሕበር የቕርብን የማኽርን።

- ኣብ ግዜ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር ንኣባላት ማሕበር ናይ ዝገበሮ ቁጽጽር/ኦዲት ውጺኢት ጸብጻብ የቕርብ።

- ተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር ተጸዋዕነቱ ንኣቦ መንበር ማሕበር ይኸውን።

**ዓንቀጽ 5.19 ፡ ኣገባብ ኣመራርጻ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር**

5.19.1 ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡ ኣብ እዋን ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት፡ ብኣባላት ማሕበር ይምረጹ። ኣብ እዋን ምርጫ ልዕሊ 50% ካብ ኣባላት ማሕበር ግድን ኪጋብኡ የድሊ። ሕጹያት ንነፍሶም ክመርጹ ኣይፍቀድን።

5.19.2 ፡ ኣኼባ ክግበር ምስ ዘይጥዕም ኣባላት ማሕበር ብሰታሪት ወይ ኣብ ግዝያዊ መራኸቢ መርበብ ናይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ድምጾም ብጽሑፍ ከካብ ዘለውዎ ሃገር ብምሃብ ምርጫ ይካየድ።

5.19.3 ፡ ንሓሙሽተ(5) ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ንምምራጽ፡ ብምሉኣቶም ኣባላት ማሕበር ብዘይካ ጽላል/ቦርድ ማሕበር፡ ከም ሕጹያት ኮይኖም ይቐርቡ። ሓደ ኣባል ሸውዓተ(7) ተወዳደርቲ፡ ብቐደም ተኸተል ጺሒፉ ኣብ ሰታሪት ዓሺጉ ወይ ኣብ ግዝያዊ መርበብ መራኸቢ ናይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ወይ ብግሉጽ ድምጺ ኣብ ግዜ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር ምስ ምሉእ ስሙ ኣሰንዩ ሕርይኡ የቕርብ።

5.19.4 ፡ እቶም ቀዳሞት ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸቡ ሓሙሽተ(5) ተወዳደርቲ ከኣ ከም ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ኮይኖም ይምረጹ። ሕድሕዶም ተመራሪጾም ከኣ ቦታታት ናይ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ይመልኡ። እቶም ክልተ፡ 6ይን 7ይን ተመረጽቲ ድማ ተጠባበቕቲ ይኾኑ።

5.19.5 ፡ ድሕሪ ምርጫ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡ ዝርዝር ውጺኢት ውሽጣዊ ናይ ስራሕ ምክፍፋሎም፡ ንኹሎም ኣባላት ማሕበር ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር፡ ብመንገዲ ዋና ጸሓፊኦም ኣቢሎም ብጽሑፍ የፍልጡ።

5.19.6 ፡ ናይ ፈለማ ምርጫ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ናይ 2020 ይካየድ። ድሕሪኡ ዝግበር ምርጫታት ከኣ ኣብ ሰሰለስተ ዓመታት ኮይኑ ወትሩ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ይኸውን።

5.19.7 ፡ ኩሎም ኣብዚ እዋን ዘገልግሉ ዘለዉ ኣባላት ጊዝያዊት ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ኣብቲ ዝመጽእ ናይ ታሕሳስ 2020 ምርጫ ክሳተፉ ይኽእሉ። ድሕሪኡ ኣብ ዝግበር ምርጫ ክሳተፉ ግን ንሰለስተ ዓመታት ወይ ሓደ ናይ ምርጫ ዘመን ከዕርፉ ይግባእ።

5.19.8 ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ናይ ስራሕ ዘመን ካብ ዝተመርጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሰለስተ(03) ዓመታት ይኸውን።

5.19.9 ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ኣከታቲሉ ንክልተ ናይ ስራሕ ዘመን ጥራይ የገልግል። ንሳልሳይ ግዜ ክወዳደር ምስ ዝድለ ግን ንሰለስተ(03) ዓመታት ወይ ሓደ ናይ ምርጫ ዘመን ከዕርፍ ይግባእ።

5.19.10 ፡ ሓደ ኣባል ካብ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ መዝንነቱ ምስ ዝወርድ፡ ብሓደ ካብቶም ብኣባላት ማሕበር ዝተመርጹ ተጠባበቕቲ ይትካእ። እቶም ዝተእልዩ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ካብ ክልተ ንላዕሊ ምስ ዝኾኑ ከኣ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ምስ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብምልዛብ ይትክእዎም።

# ምዕራፍ 6

## ምንጪ ኣታዊታት ማሕበርን ምንቅስቓሱን

**ዓንቀጽ 6.20 ፡ ዓመታውን ተወሳኺ ውጺኢትን ኣባላት**

6.20.1 ፡ ዓመታዊ ውጺኢት ኣባላት ማሕበር ኣብ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር፡ ብልዕሊ 50% ድምጺ ኣባላት ዝውሰን፡ ብዶላር ኣሜሪካ ወይ ማዕሪኡ ሸርፊ ኣብታ መዓልቲ ብባጤራ ኣባል ዝነብረሉ ሃገር ይኸውን።

6.20.2 ፡ ብተመሳሳሊ መስርሕ፡ ዓመታዊ ውጺኢት መጻምዲ ኣባል ማሕበር ፍርቂ (50%) ውጺኢት ናይ ኣባል ማሕበር፡ ብዶላር ኣሜሪካ ወይ ማዕሪኡ ሸርፊ ኣብታ መዓልቲ ብባጤራ መጻምዲ ኣባል ዝነብረሉ ሃገር ይኸውን።

6.20.3 ፡ ንኣገዳስን ህጹጽ ጉዳያትን ብኣካየድቲ ስራሕ ማሕበርን ጽላል/ቦርድ ማሕበርን ሓሳብ ቀሪቡ፡ ልዕሊ 50% ኣባላት ማሕበር ምስ ዝሰማምዑ፡ ተወሳኺ ውጺኢት ብኣባላት ማሕበር ክዋጻእ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 6.21 ፡ ካልእ ኣታውታት**

6.21.1 ፡ ገንዘብ ንምእካብ ዝዓለመ ንጥፈታት ብምድላው፣ ካብ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ዝርከብ ሓገዝ፣ ህያባት፣ ወፈያታት፡ ወዘተ. . . የጠቓልል።

**ዓንቀጽ 6.22 ፡ ምንቅስቓስ ገንዘብን ንብረትን**

6.22.1 ፡ ኩሉ ናይ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ብስም ማሕበር ብውሕዱ ብክልተ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ወይ ዝተወከሉ ኣባላት ማሕበር ኣብ ውሑስ ዝኾነ ባንክ ወይ ስፍራ ይዕቀብ። ብመሰረት ሕጊ ማሕበር ድማ ብመንገዲ ኣቦ መንበርን ሓላፊ ፋይናንስን ማሕበር ወይ ወከልቶም ይንቀሳቐስ። ዝተወከሉ ኣባላት ጉድለት ምስ ዝፍጽሙ ብሕጊ ማሕበር ተሓተቲ ይኾኑ።

6.22.2 ፡ ኣብ ሕግታት ማሕበር ብዘይተጠቕሰን ዘይሰፈረን መንገዲ፡ ናይ ገንዘብ ወጻኢታት ክግበር ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ሓሳብ ምስ ዘቕርቡን ዝሰማምዕሉን፣ ነቲ ሓሳብ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብዎ ይግባእ።

6.22.3 ፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ነቲ ሓሳብ ምስ ዝቕበልዎ፡ ውሳኔ ቅድሚ ምሃቦም ነቲ ዝቐረበ ሓሳብ ከምዘሎ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር፡ ብኣባላት ማሕበር ድምጺ ንኽወሃበሉ ከቕርብዎ ይግባእ።

6.22.4 ፡ ነቲ ዝቐረበ ሓሳብ ካብ ኣባላት ማሕበር ልዕሊ 50% ደገፍ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት እንተድኣ ረኺቡ፡ እቲ ሓሳብ ቅቡል ይኸውን። እንተዘይኮይኑ ግን እቲ ብጽላል/ቦርድ ማሕበር ናብ ኣባላት ዝቐረበ ሓሳብ ውዱቕ ይኸውን።

6.22.5 ፡ እቲ ዝተዋህበ ድምጺ ኣባላትን ውሳኔ ጽላል/ቦርድ ማሕበርን ኩሉ ካልእ ምጽሕሓፋትን ከም መርትዖ መታን ክኸውን ከኣ ከምዘለዎ፡ ብመንገዲ ዋና ጸሓፊ ማሕበርን ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበርን ብግቡእ ይስነድ።

# ምዕራፍ 7

## ዝተፈላለዩ ድንጋጌታት ማሕበር

**ዓንቐጽ 7.23 ፡ መርዓ**

7.23.1 ፡ መርዓ ማለት ኣባል ወይ ካብ ኣብራኽ ኣባል ዝወጸ ዉሉዱ፡ ንፈለማ ጊዜኡ ሕጋዊ ቃል-ኪዳን ክኣስር ከሎ ማለት እዩ።

7.23.2. ፡ ዝምርዖ ወይ ዘመርዑ ዘሎ ኣባል፡ ቅድሚ መዓልቲ መርዓ 30 መዓልታት ኣቐዲሙ ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ዕድመ ክልእኽ ይግባእ።

7.23.3 ፡ ከም መግለጺ ሓጎስ ማሕበር ነቲ ኣባል ዝወሃብ ህያብ ተዳሉ። ቅድሚ ማሕበር ህያብ ምሃባ ከኣ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ምስ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ብምዃን ነቲ ዝወሃብ ህያብ ብዝምልከት ኣድላይ መጽናዕቲ ብምግባር ይውስኑ።

7.23.4 ፡ ነቲ ህያብ ከኣ ብመንገዲ ኣብቲ ዝምርዖ ወይ ዘመርዑ ዘሎ ኣባል ዝነብረሉ ሃገር፡ ዝነብር(ሩ) ሓደ ወይ ክልተ ኣባላት ማሕበር ኣቢሉ፡ ነቲ ዝምርዖ/ዘመርዑ ኣባል የረክብ(ዎ)። እቲ(ቶም) ኣባል(ላት) ድማ ንማሕበር ወኪሎም ኣብቲ ዝግበር መርዓ ናይ ክብሪ ዕዱም(ማት) ኮይኑ(ኖም) ይሳተፍ(ፉ)።

**ዓንቀጽ 7.24 ፡ ደበስ**

7.24.1 ፡ ብመሰረት ሕጊ ማሕበር፡ ደበስ ማለት ኣባል ወይ በዓልቲ ቤት ወይ ብዓል ቤት ኣባል ከምኡ እውን ካብ ኣብራኽ ኣባል ዝወጸ ውሉዱ፡ ካብዛ ዓለም ብሞት ምስ ዝፍለ፡ ብማሕበርን ኣባላታን ዝግበር ናይ መጸናናዒ ሓገዝ ማለት እዩ።

7.24.2 ፡ ኣባል ማሕበር ብሞት ምስ ዝፍለ፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣባል $20 ተኣኪቡ ንናይ ቀረባ ተጸዋዒ ኣባል ተጠርኒፉ ይወሃቦ።

7.24.3 ፡ በዓልቲ ቤት ወይ በዓል ቤት ኣባል ወይ ካብ ኣብራኹ ዝተወልደ ዉሉድ ኣባል፡ ካብዛ ዓለም ብሞት ምስ ዝፍለ ብተመሳሳሊ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣባል $20 ተኣኪቡ ብጥርኑፍ ይወሃቦ።

**ዓንቀጽ 7.25 ፡ ዝተፈላለዩ ሓገዛት**

7.25.1 ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻኢን ንዝርከቡ ስድራቤት ስፖርት፡ ኣብ ሞንጎ ህጻናትን መንእሰያትን ገዳይም ስፖርታውያንን ንዝገብርዎ ውድድራት ስፖርት፡ ምስቶም ኣብ ዓዲ ነዚ ከታተሉ ዝቖሙ ኮሚቴን ካልኦት ዝምልከቶምን ብምልዛብን እኹል መጽናዕቲ ብምግባርን ዓቕሚ ማሕበር ዝፈቕዶ ሓገዝ ምግባር።

7.25.2 ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻኢን ንዝርከቡ ስድራቤት ስፖርት፡ ምስ ካልኦት ከማና ዝኣመሰሉ ማሕበራትን ትካላትን ብምልፋንን ብምሽራኽን ዘመናዊ ናይ ስፖርት ስልጠናን ትምህርትን ንምሃብ ዓቕሚ ማሕበር ዝፈቕዶ ሓገዝ ምግባር።

7.25.3 ፡ ኣባል ማሕበር ኣብ ህይወቱ ከቢድን ክሰግሮ ዘይክእልን ጸገም ወይ ሽግር ምስ ዘጋጥሞ፡ ካብ ማሕበር ናይ $500፡ ካብ ነፍሲወከፍ ኣባል እውን $10 ተኣኪቡ ብሓደ ተጠርኒፉ ሓገዝ ይግበረሉ። እቲ ዝተጸገመ ኣባል እንተኺኢሉ ባዕሉ እንተዘይኮነ ግን ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ንኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ክሕብሩ ይኽእሉ።

7.25.4 ፡ ኩሉ ዝግበር ሓገዛት ፍንውን ዘይምዕሩይን መታን ከይከውን፡ ኣካይድቲ ስራሕ ማሕበር ጽኡይ መጽናዕቲ ብምግባርን ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ንኽጸድቕ የቕርብዎ። ነቲ ዝወሃብ ሓገዝ ናብቲ ዝግበአ ኣባል ቅድሚ ምልኣኾም ከኣ፡ ድምጺ ደገፍ ኣባላት ማሕበር ልዕሊ 50% ክኸውን ይግባእ። ነዚ ድምጺ ደገፍ ንምእካብ ከኣ ነቲ ዝተወሰነ ሓሳብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማሕበር ን 72 ሰዓታት ይዝርግሕዎ።

7.25.5 ፡ ዝኾነ ኣባል ማሕበር ኣብ መርበብ መራኸቢ ማሕበር ንሓገዝ ዝምልከት ጽሑፋት ብኢደ ዋኒኑን ክጽሕፍ ፈጺሙ ኣይፍቀድን። ነዚ ምስ ዝጥሕስ ከኣ ዓንቀጽ 7.28 ብዝእዝዞ መሰረት ብጉድለት ስነስርዓት ተሓታቲ ይኸውን።

**7.26 ፡ ምርኽኻብ ሓገዝ**

7.26.1 ፡ ኣብ ኩሉቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ብማሕበርን ብኣባላት ማሕበርን ተወሳኺ ዝግበር ሓገዛት፡ ግቡእ መረኻኸቢ ሰነድ ብመንገዲ ሓላፊ ፋይናንስ ተዳልይሉ፡ ነቲ ብኣካየድቲ ማሕበር ከረክብ ዝተወከለ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ኣባል ማሕበር ወጻኢ ኮይኑ ይወሃብ።

7.26.2 ፡ እቲ ዝተረከበ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ኣባል ማሕበር ከኣ ብውሕዱ ኣብ ቅድሚ ክልተ ወይ ልዕሊኡ መሰኻኽር ብመረኻኸቢ ሰነድ ነቲ ዝግበአ ኣባል ወይ መቕርቡ ኣፈሪሙ የረክብ። እቶም መሰኻኽር እውን ኣብቲ መረኻኸቢ ሰነድ ክፍርሙ ይግባእ። ናይቲ መበቆል/ኦሪጂናል ሰነድ ቅዳሕ ንዕኡ ኣትሪፉ ከኣ ናብ ሓላፊ ፋይናንስ ከም መርትዖ ንኽሰነድ ይሰዶ/የረክቦ።

**ዓንቀጽ 7.27 ፡ ጉድለት ገንዘብ/ንብረት**

7.27.1 ፡ ኣባል ወይ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ወይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ብውልቂ ይኹን ብእኩብ፡ ናይ ገንዘብ ወይ ንብረት ጉድለት ምስ ዝርከቦ(ም)፡ ከሳብ ኣድላይ ምጽራይ ተጌሩ ውሳኔ ዝወሃበሉ፡ ካብ ኩሉ ናይ ማሕበር ንጥፈታት ንግዚኡ ተኣልዩ(ዮም) ይጸንሕ(ሑ)።

7.27.2 ፡ እቲ ዝተፈጸመ ጉድለት ብመንገዲ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ውሳኔ ክወሃበሉ ዝኽእል እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ባዕላቶም ውሳኔ ይህብሉ። ጉድለት ተፈጺሙ እዩ ኢሎም ምስ ዝውስኑ፡ ነቲ ኣባል ወይ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ጉጅለ፡ ዘጉደሎ ገንዘብ ከምዝትክእ ይገብሩን ካብ ኣባልነቱን መዝነቱን ከኣ ይኣልይዎ። እዚ ኣባል'ዚ፡ ናይ ይግበኣኒ እዩ ጥርዓኑ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብ መሰሉ ሕሉው ይኸውን።

7.27.3 ፡ እቲ ዝተፈጸመ ጉድለት ክብድ ዝበለ ምስ ዝኸውንን ኣብ ውሽጢ ማሕበር ንምፍትሑ ምስ ዘይከኣልን፡ ጽላል/ ቦርድ ማሕበር፡ ነቲ ጉድለት ዝፈጸመ ኣባል ወይ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ጉጅለ ካብ ዝኾነ ንጥፈታት ማሕበር ይእግድዎን ኣብቲ ማሕበር ዝተመስረተትሉ ወይ ጉድለት ዝተረኽቦ ኣባል ዝቕመጥሉ ሃገር ዘሎ ሕጊ ተጠቒሞም ከኣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ የቕርብዎን ይከታተሉን የፈጽሙን። ኣብቲ ፍርዲ ዝወሃበሉ ሃገር ንዝርከብ ኣባል ማሕበር ወይ ሕጋዊ ኣካል ነዚ ከፈጽም ክውክሉ እውን ስልጣን ኣለዎም።

**ዓንቀጽ 7.28 ፡ ጉድለት ስነ ስርዓት**

7.28.1 ፡ ሓደ ኣባል ማሕበር ምስ ሕጊ ቅዋም ማሕበር ዝጻረር ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፍ፡ ዘለፋ፡ ደረቕ ወይ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ነገር ኣብ መርበብ መራኸቢ ማሕበር ምስ ዝዝርግሕ፡

- ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ብመንገዲ ዋና ጸሓፊኦም ነቲ ጉድለት ዝገበረ ኣባል፡ ብስም ማሕበር ኣብ ናይ ግሉ መራኸቢ መርበብ ብጽሑፍ ይውከስዎ። ኣባል ከኣ ነቲ ዝገበሮ ጉድለት ብጽሑፍ መልሲ ይህብሉ።

- ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር እኹል ምጽራያት ድሕሪ ምግባር፡ እቲ ዝተገብረ ጉድለት ብዘይ ፍላጥ ምዃኑ እንተድኣ ኣረጋጊጾም፡ ነቲ ጉድለት ዝገበረ ኣባል ዝዘርግሖ ጽሑፍ፡ ዘለፋ፡ ወዘተ. . . ከም ዝኣልዮን ንማሕበር ይቕሬታ ከም ዝሓትትን ይገብሩ። ነቲ ዝገበሮ ጉድለት ከይደግሞ ከኣ ናይ ቃል መጠንቀቕታ ይወሃቦ።

- እቲ ዝተገብረ ጉድለት ኮነ ኢልካ ዝተገብረ ምዃኑ እንተ ድኣ ኣረጋጊጾም፡ እቲ ጉድለት ዝፈጸመ ኣባል፡ ነቲ ጽሑፍ ክኣልዮን ንማሕበር ይቕሬታ ከም ዝሓትትን ድሕሪ ምግባር፡ ብጽሑፍ ናይ መጀመርታ ከቢድ መጠንቀቕታ ይህብዎን። ካብ ኩሉ ንጥፈታት ማሕበር ከኣ ን30 መዓልታት ይእግድዎን $100 ዶላር ኣሜሪካ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክኸፍል ይውስንሉን። ነቲ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ድማ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ከፊሉ ክውድእ ይግባእ።

- መቕጻዕቲ ዝተወሰነሉ ኣባል፡ ብውሳኔ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ምስ ዘይሰማማዕ፡ ጥርዓኑ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብ መሰል ኣለዎ።

- ጽላል/ቦርድ ማሕበር ነቲ ዝቐረበ ጥርዓን ብግቡእ ርእዮምን መርሚሮምን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ውሳኔ ይህብሉ። እቲ ዝህብዎ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ፡ ቀያድን ይግበኣኒ እዩ ዘይበሃሎን ይኸውን።

7.28.2 ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ጉድለት ዝፈጸመ ኣባል ደጊሙ ተመሳሳሊ ጉድለት ምስ ዝፍጽም

- ኣካየድቲ ስራሕ ብጽሑፍ ን2ይ ጊዜ ከቢድ መጠንቀቕታ ይህብዎ። ን90 መዓልታት ካብ ኩሉ ንጥፈታት ማሕበር ይእግድዎን

  $250 ዶላር ኣሜሪካ መቕጻዕቲ ይውሰኑሉ። ነዚ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ድማ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ከፊሉ ክውድእ ይግባእ።

- መቕጻዕቲ ዝተወሰነሉ ኣባል፡ ብውሳኔ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ምስ ዘይሰማማዕ፡ ጥርዓኑ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብ መሰል ኣለዎ።

- ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ውሳኔ ክህብዎ ይግባእ። እቲ ዝህብዎ ውሳኔ ከኣ ናይ መወዳእታ፡ ቀያድን ይግበኣኒ እዩ ዘይበሃሎን ይኸውን።

7.28.3 ፡ እዚ ኣባል'ዚ ንሳልሳይ ጊዚኡ ተመሳሳሊ ጉድለት ምስ ዝፍጽም ፡

- ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር መሰል ኣባልነቱ ሰሪዞም ብወግዒ ካብ ማሕበር የሰናብትዎ።

- ኣባል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ጥርዓኑ ናብ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከቕርብ መሰል ኣለዎ።

- ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ውሳኔ ክህብዎ ይግባእ። እቲ ዝህብዎ ውሳኔ ከኣ ናይ መወዳእታ፡ ቀያድን ይግበኣኒ እዩ ዘይበሃሎን ይኸውን።

**ዓንቀጽ 7.29 ፡ ኣኼባታት ማሕበር**

7.29.1 ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ኣብ ዓመት ሰለስተ(3) ጊዜ ይግበር። ኣብ ወርሒ፡ ሚያዝያ፡ ነሓሰን ታሕሳስን ኣብ ንኹሉ ዝጥዕም ዕለትን ሰዓትን ከኣ ይኸውን። ኣብቲ ዝግበር ሰለስቲኡ ርክባት ኩሎም ኣባላት ማሕበር፡ ኣካይድቲ ስራሕ ማሕበርን ጽላል/ቦርድ ማሕበርን ይሳተፉ። ኣተሓሳሳብን ህጹጽ ጉዳያት ምስ ዝህሉ ድማ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ወይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ተወሳኺ ህጹጽ ኣኼባ ክጽውዑ ይኽእሉ።

7.29.2 ፡ ኣኼባ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ኣብ ዓመት ሓሙሽተ(5) ግዜ ይኸውን። ሓንቲ ካብኣተን ድማ ምስ ጽላል/ቦርድ ማሕበር እትግበር ኣኼባ ትኸውን። ከም ኣድላይነቱ እውን ተወሰኽቲ ኣኼባታት ክስራዕ ይከኣል።

7.29.3 ፡ ኣኼባ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ዓመት ሰለስተ(3) ግዜ ይኸውን። ሓንቲ ካብኣተን ከኣ ምስ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር እትግበር ኣኼባ ትኸውን። ኣድላይ ምስ ዝኸውን እውን ተወሰኽቲ ኣኼባታት ክስራዕ ይከኣል።

7.29.4 ፡ ኣባል ማሕበር፡ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር፡ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር ክሳተፍ ምስ ዘይጥዕሞ፡ ኣብ መርበብ መራኸቢ ማሕበር ብጽሑፍ ሓበሬታ ክስፍር ይግባእ። ምስ ዘይሕብር ግን $10 ዶላር ኣሜሪካ ይቕጻዕ። ሰዓታት ኣኼባ ምስ ዘየኽብር እውን $5 ዶላር ኣሜሪካ ይቕጻዕ። ነቲ ዝተወሰነሉ መቕጻዕቲ ከኣ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ክፈሉ ክውድእ ኣለዎ።

**ዓንቀጽ 7፡30 ኣገባብ ኣወሃህባ ድምጺ**

7.30.1 ፡ ኣብ ጊዜ ኣኼባ ወይ ውሳኔ ኣብ ዘድልዮ ዛዕባ፡ ኣባላት ማሕበር፣ ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበርን ጽላል/ቦርድ ማሕበርን ድምጺ ኣብ ዝህብሉ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ድምጾም ክህብሉ ዝተወሰነ ናይ ጊዜ ገደብ ድምጾም ምስ ዘይህቡ፡ ድምጾም ምስቶም እወታዊ ድምጺ ዝሃቡ ይቑጸር።

**ዓንቀጽ 7.31 ፡ ቅነ ንዝኽሪ ቀዳሞት**

7.31.1 ፡ እዚ ቅነ'ዚ፡ ኣብ ስፖርት ሃገርና ዓቢ እጃም ዘበርከቱን ጸለውቲ ዝኾኑን ህልዋትን ዘይህልዋትን ቀዳሞት ስፖርታውያን፣ ኣካየድቲ ስራሕ ስፖርት፣ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ካልኦት ምስ ስፖርት ሃገርና ምትእስሳር ዘለዎምን ዝነበሮምን ኣርካናትናን ቅርስታትናን፡ ኣብ መርበብ መራኸቢ ማሕበርን ካልእ ኣጋጣሚታት ወዲብካን ሰሪዕካን ብዘይ ምቁራጽ ዝዝከርሉ ቅነ ይኸውን።

7.31.2 ፡ እዚ ቅነ፡ ዓመት መጸ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብታ ቀዳመይቲ ሰሙን ይኸውን። ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ድማ ዝኽሪ ዝጅመረሉን ዝዛዘመሉን ዕለት ከምኡውን ኣብቲ ቅነ ክትግበሩ ዘለዎም መደባትን ንጥፈታትን ብዝርዝር ሰሪዖም ንብምልኡ ኣባል ማሕበር ኣቐዲሞም ሓበሬታ ይህቡ።

# ምዕራፍ 8

## ምምሕያሽ ቅዋምን ምፍራስ ማሕበርን

**ዓንቀጽ 8.32 ፡ ምምሕያሽ ቅዋም ማሕበር**

8.32.1 ፡ ቅዋም ማሕበር ብኽፊል ወይ ብምልኡ ንኣሰራርሓ ማሕበር ምስ ዘይምችእን ምስ ጊዜን ኩነታትን ክመሓየሽ ወይ ክቕየር ምስዝድለን፡ ልዕሊ 75%(3/4) ኣባላት ማሕበር ምስ ዝሰማምዑን ክመሓየሽ ወይ ክቕየር ይኽእል። ኣብ ተግባር ንኽውዕል ድማ እቲ ጉዳይ ናብ ማሕበር ቀሪቡ እኹል ድምጺ ምስተረኽበ ጥራይ ይትግበር።

**ዓንቀጽ 8.33 ፡ ምፍራስ ማሕበር**

8.33.1 ፡ ማሕበር ክፈርስ ብቑዕ ምኽንያት ምስ ዝርከብን ከም ማሕበር ክቕጽል ምስ ዘይክእልን፡ ልዕሊ 75%(3/4) ኣባላት ማሕበር ኣብ ስሩዕ ኣኼባ ማሕበር ተጋቢኦም ብልዕሊ 75%(3/4) ድምጺ ምስ ዝሰማምዑ ጥራይ ተግባራዊ ይኸውን።

8.33.2 ፡ ማሕበር ምስ እትፈርስ፡ ኩሉ ዘለዋ ወጻኢታት ብምልኡ ድሕሪ ምሽፋን፡ እትውንኖ ገንዘብ፣ ንዋትን ካልእ ነገራትን ብመንገዲ ተቖጻጻሪ/ኦዲተር ማሕበር ግቡእ ምጽራያት ተጌሮሉ፡ ነቶም ኣብ ማሕበር ክሳብ መወዳእታ እሙናት ኮይኖም ናይ ኣባልነት ግብኦም ምሉእ ብምሉእ ከማልኡ ዝጸንሑ ኣባላት ማሕበር፡ ነቲ ክገብርዎ ዝጸንሑ ወጻኢታት ንምሽፋን ብማዕረ ተመቒሉ ይከፋፈል። ጽላል/ቦርድ ማሕበር ከኣ ነዚ መስርሕ'ዚ ብሓላፍነት ይከታተሉን የተግብሩን።

8.33.3 ፡ ድሕሪ'ዚ ዕለት፡ ማሕበር ኣብቲ ብወግዒ ዝተመስረተትሉ ሃገር ብወግዒ ከምዝፈረሰት ትምዝገብ። ብዛዕባ ማሕበር ከኣ ዝኾነ ኣባል ማሕበር ወይ ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ወይ ጽላል/ቦርድ ማሕበር ተሓታቲ ኣይከውንን።

8.33.4 ፡ ካብቲ ማሕበር ብወግዒ ዝፈረሰትሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኩሉ ሰነዳት ማሕበር መምስ ዝምልከቶም ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር ንሓደ ዓመት ተዓቂቡ ጸኒሑ ብድሕሪኡ ብወግዒ ይዓኑ።

## ቅዋም - ማሕበር ስድራቤት ስፖርት ኤርትራ ( ማ. ስ. ስ. ኤ. )

ብሽማግለ ምርቃቕ ቅዋም ማሕበር ተዳልዩ ብኣባላት ማሕበር ሃብቲሙ

ብ17-18/10/2020 ጸዱቑ ብ27/07/2021 ተመሓይሹ ዝቐረበ